# መስርሕ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ናይ ዕቑባ ፍቓድ ንዘለዎም

**ናይ ዕቑባ ፍቓድ ተዋሂብኩም ኣሎ፣ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ድማ ከተመልክቱ ደሊኹም ኣለኹም**
ናይ ዕቑባ ፍቓድ ንዝተወሰነ ግዜ ተዋሂብኩም ኣሎ። ከምኡ እውን ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ካብ ወጻኢ ሃገር ናብ ኔዘርላንድ ክመጽእልኩም ትደልዩ ኣለኹም። ንስኹም ወግዓዊ ዓዳማይ ኢኹም። እዚ ማለት ንስኹም ንስድራ-ቤትኩም ብምውካል፣ ናይ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት መንበሪ ፍቓድ ንኽወሃቦም ተመልክቱ ማለት እዩ። ነዚ ንምምልካት ድማ ብነጻ እዩ።

እዚ መስርሕ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት (ምጽንባር ኣባል ስድራ ተዓቛቢ) ክልተ ክፋላት ዘጠቓለለ እዩ፡

- 1ይ ክፋል፡ ብዛዕባ ምምልካት ናይ 'ግዜያዊ መንበሪ ቪዛ (mvv)- ምስ ሓታቲ ዕቑባ ንምጽንባር ንዝጎዓዙ ኣባላት ስድራ-ቤት' ዝምልከት እዩ። mvv ንነዊሕ ግዜ ንምጽናሕ ዘገልግል ቪዛ እዩ። ነዚ ተጠቒሞም ድማ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ናብ ኔዘርላንድ ክመጽኡ ይኽእሉ።
- 2ይ ክፋል፡ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ኣብ ኔዘርላንድ ድሕሪ ምምጽኦም ዝግበር ሓጺር (ናይ ዕቑባ) መስርሕ ዝምልከት እዩ። ንኣባላት ስድራ-ቤትኩም ምስ ናትኩም ዝተኣሳሰር ናይ ዕቑባ ፍቓድ ይውሃቦም፣ ናታቶም ምንባር ድማ ኣብ ናትኩም ናይ ዕቑባ ፍቓድ ዝምርኮስ እዩ።

ኣብዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ፣ ኣባል ስድራ-ቤትኩም ብኸመይ ምስ ናትኩም ዝተኣሳሰር ናይ ዕቑባ ፍቓድ ክውሃቦ ከምዝኽእል፣ ስጉምቲ ብስጉምቲ ከተንብቡ ትክእሉ ኢኹም።

## ኣየኖት ውድባት የጋጥምኹም?

ንስኻ ዕድመኻ ትሕቲ 18 ዓመት ኢኻ፣ ከምኡ እውን ኣብ ኔዘርላንድ ንዓኻ ዝከናኸኑ ወለዲ ወይ ካልኦት ሰባት የብልካን። እንተኾነ ግን ብመሰረት ሕጊ ኔዘርላንድ፣ ንዓኻ ዝከናኸን ሓደ ወግዓዊ ዝኾነ ኣካል ክህሉው ኣለዎ። እዚ ኸኣ ሞግዚትነት ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብ ኔዘርላንድ እቲ ብዛዕባ እዚ ዝነጥፍ ውድብ **Stichting Nidos** እዩ። Nidos ኣብ ልዕለኻ ሞግዚትነት ንኽህልዎ የመልክት። Nidos ንሓደ ካብ ሰራሕተኛታቱ ከም ተኸላኻሊ ንኡሳት ገይሩ ይሸመልካ። እቲ ተኸላኻሊ ንኡሳት ንኣብነት ኣገደስቲ ውሳኔታት ኣብ ምውሳድ ይሕግዘካ። ከምኡ እውን እትነብረሉ ጽቡቕ ቦታ ከም ዝህልወካን፣ ናብ ቤት-ትምህርቲ ክትከይድን ከም እትኽእልን የረጋግጽ። ናይ ዕቝባ ፍቓድ ድሕሪ ምርካብካ ድማ ናትካ ተኸላኻሊ ንኡሳት ኣብ መስርሕ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት እውን ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። Nidos ኣብቲ ብዛዕባ እቲ ዘመልከትካዮ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ዝውሰድ ውሳኔ ዋላ ሓንቲ ጽልዋ የብሉን።
www.nidos.nl

**Centraal Orgaan opvang asielzoekers** (COA) [ማእከላይ ኣካል መቐበሊ ሓተትቲ-ዑቕባ (ኮዋ)] ኣብ እዋን መስርሕ ዕቑባ፣ ንሓተትቲ ዕቑባ ዝኸውን መዕቆቢ ቦታን ምእላይን ከምዝህሉው የረጋግጽ። እዚ ድማ፣ ነቶም ድሒሮም ምሳኹም ንኽጽንበሩ ናብ ኔዘርላንድ ክመጽኡ ዝተፈቕደሎም ኣባላት ስድራ-ቤትኩም እውን ይምልከት እዩ። COA መጽለሊ፣ መግቢን፣ ኣድላይ ምስዝኸውን ድማ ግዝያዊ መድሕን ጥዕናን የዋድድ። እንተድኣ ኣብቲ መዕቆቢ ቦታ ሓኪም ኣድልይኩም እውን COA ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። COA ገለልተኛ ማለት ነጻ ዝኾነ ተቐዋም እዩ፣ ከምኡ እውን ብዛዕባ እቲ ዘመልከትክሞ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ኣይውስንን እዩ።
www.coa.nl

**VluchtelingenWerk Nederland** (VWN) ቤት-ምኽሪ ስደተኛታት ኔዘርላንድ (VWN) ገለልተኛ ማለት ነጻ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ማሕበር እዩ፣ ከምኡ እውን ንረብሓታት ናይ ሓተትቲ ዕቑባን ስደተኛታትን ንምርሕላው ዝቘመ እዩ። ሰራሕተኛታት ናይ VluchtelingenWerk ብዛዕባ መስርሕ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ዝምልከቱ ሓበሬታታት ክህብኹም እዮም። ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ንምሕታት ዝምልኡ ፎርምታት ኣብ ምምላእ ድማ ክሕግዝኹም ይኽእሉ እዮም። ከምኡ እውን ንዓኹምን ንኣባላት ስድራ-ቤትኩም ኣብ ብምልኡ እቲ መስርሕ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ክመርሕኹም እዮም። ምስ ካልኦት ውድባት ጸገማት ምስ ዘጋጥመኩም እውን ክሕግዝኹም እዮም። VluchtelingenWerk ብዛዕባ እቲ ዘመልከትክሞ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ኣይውስንን እዩ።
www.vluchtelingenwerk.nl
www.refugeehelp.nl

**GezondheidsZorg Asielzoekers (GZA)** ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ኣብቲ መዕቆቢ ቦታ ምስ ዝሓሙ ወይ ሕክምናዊ ሕቶታት ምስ ዝህልዎም፣ ናብኡ ብምኻድ ሓገዝ ክረኽብሉ ዝኽእሉ ውድብ እዩ። ኣብ ነፍስወከፍ መዕቆቢ ቦታ ናይ COA ወይ ኣብ ጥቓኡ፣ ሓደ ማእከል ክንክን ጥዕና ሓተትቲ-ዑቕባ GZA ኣሎ። GZA፣ ምስ ተሓጋጋዚ ሓኪም፣ ምስ ኣላዪት ሕሙማት፣ ምስ ምክትል ዶክተር፣ ምስ ክንክን ኣእምሮኣዊ ጥዕና GGZ፣ ወይ ምስ ሓፈሻዊ ክኢላ ሕክምና ቆጸራታት የዋድድ።
www.gzasielzoekers.nl

**Immigratie- en Naturalisatiedienst** (IND) ክፋል ናይ ሚኒስትሪ ፍትሕን ጸጥታን እዩ። IND፣ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ነቶም ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ንምግባር ዘድልዩ ቅድመ-ኩነታት ዘማልኡ ምዃኖምን ዘይምዃኖምን ይምርምር። ብተወሳኺ ሰራሕተኛታቱ ሰነዳትኩም ሓቀኛታት ምዃኖንም ዘይምዃኖምን መርመራ ይገብሩ። ከምኡ እውን ኣብ ወጻኢ ሃገር ተወሳኺ መርመራ ክጅምሩ ይኽእሉ እዮም። እዚኣቶም መርመራታት ዲ.ኤን.ኤ [DNA]፣ ከምኡ እውን ምስ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ቃለ-መሕትታት ምግባርን እዮም። IND፣ ንዓኹም እውን ኣብ ኔዘርላንድ ሕቶታት ክሓተኩም ይኽእል እዩ። ብድሕሪኡ IND፣ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ናብ ኔዘርላንድ ክመጽኡ ዝፍቐደሎም ምዃኑን ዘይምዃኑን ይውስን።
www.ind.nl

**Internationale Organisatie voor Migratie** (IOM) [ኣህጉራዊ ውድብ ስደተኛታት] ኣብ ልዕሊ 100 ዝኾኑ ሃገራት ዝርከቡ ኣብያተ-ጽሕፈታቱ ኮይኑ ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከቡ ስደተኛታት ይሕግዝ። ገለ ካብኣቶም፣ ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ ንዘለዎም ሰባት ኣባላት ስድራ-ቤቶም ኣብ ምምጻእ ይሕግዝ። IOM ነዚ ዝህቦ ሓገዝ፣ ብመልክዕ ምሃብ ኣገልግሎት ምኽሪ ወይ ብመልክዕ ምሉእ ደገፍ ጉዕዞ፣ ክፍሊት ብምሕታት ይትግብሮ። ንኽልቲኦም ዓይነት ሓገዛን ብመንገዲ ናይ ኢንተርነት መርበብ-ሓበሬታ፣ ጥቕሰት-ዋጋ ክትሓቱ ማለት ክንደይ ዋጋ ከምዝሓትት ሕቶ ከተቕርቡ ኣለኩም። IOM ንምጥርናፍ ስድራ-ቤት ዝምልከት ገንዘባዊ ሓገዝ ኣይገብርን እዩ።
www.iom-nederland.nl

Het **ministerie van Buitenlandse Zaken** (BZ) [ምኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ] ኣብ ወጻኢ ሃገራት ንመንግስቲ ኔዘርላንድ ዝውክል እዩ። ምኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ (BZ) ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዓለም ወኪላት (ኤምባሲታትን ቆንስላትን) ኣለዎ። ወኪላት ናይ ኔዘርላንድ፣ ብዛዕባ ዘመልከትዎ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ብዝምልከት ንኣባላት ስድራ-ቤትኩም ክተሓጋገዝዎም ይኽእሉ እዮም። እቶም ወኪላት፣ ንኣባላት ስድራ-ቤትኩም ብቆጸራ ናይ DNA መርመራን ቃለ-መሕትታትን ክገብሩሎም ይኽእሉ እዮም። እዚ ኩሉ ግዜ ብጠለብ ናይ IND ዝፍጸም እዩ። ንኣባላት ስድራ-ቤትኩም mvv ቪዛ ንኽወሃቦም ብIND ተፈቒድሎም ድዩ? ስለዚ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ብቆጸራ ናብ ወኪላት ናይ ኔዘርላንድ ብምኻድ፣ mvv ቪዛ ንኽወሃቡ ከሳልጡ ይኽእሉ እዮም።
www.rijksoverheid.nl

## ዝተኣሳሰረ ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ፡ ኣባላት ስድራ-ቤትን ቅድመ-ኩነታትን

ምስ ናትኩም ዝተኣሳሰረ ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ፣ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ምሳኹም ኣብ ኔዘርላንድ ሓቢሮም ንኽነብሩ ዝዓለመ መንበሪ ፍቓድ እዩ። ንስኹምን ኣባላት ስድራ-ቤትኩምን ድማ፣ ነቶም ኣብ ሕጊ ወጻእተኛታት ሰፊሮም ዘርከቡ ቅድመ-ኩነታት ከተማልኡ ኣለኩም።

### ዝተኣሳሰረ ናይ ዕቑባ ፍቓድ ክወሃቦም ዝኽእሉ ኣባላት ስድራ-ቤት

ነዚኦም ዝስዕቡ ኣባላት ስድራ-ቤት ናይ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ከተመክቱሎም ትኽእሉ ኢኹም፡

- ንበዓል-ቤትኩም(ክን)
- ንመጻምድትኹም(ኽን)
- ን(ተናባዪ) ውላድኩም
- ንወለድኹም፣ ንውልቅኹም ምስ እትኾኑን፣ ዕቑባ ንምርካብ ከተመልክቱ እንከለኹም ዕድመኹም ካብ 18 ዓመት ዝንእስ ነይሩ ምስ ዝኸውንን።

### ዝተኣሳሰረ ናይ ዕቑባ ፍቓድ ንምርካብ ክማልኡ ዘለዎም ቅድመ-ኩነታትን

- ካብ IND ርእሱ ዝኽኣለ ናይ ዕቑባ ፍቓድ ከም ዝረኸብኩም ዝገልጽ ውሳኔ ዝተቐበልኩም ክትኮኑ ኣለኩም። ንስኹም ውሳኔ ድሕሪ ምቕባልኩም፣ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም (ብመንገድኹም) ኣብ ውሽጢ 3 ኣዋርሕ mvv ቪዛ ንምርካብ ከመልክቱ ኣለዎም። እዚ እዋን፣ ናይ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ገደብ-ግዜ ተባሂሉ ይጽዋዕ።
- ኣባላት ስድራ-ቤትኩም፣ ንስኹም ኣብ ወጻኢ ሃገር ኣብ ዝነበርኩምሉ እዋን ብጭቡጥ ኣካል ናይ ስድራኹም ዝነበሩ ክኾኑ ኣለዎም። እዚ ዝምድና ስድራ-ቤት ተባሂሉ ይጽዋዕ፡ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ናብ ኔዘርላንድ ኣብ ዝኣትዉሉ እዋን፣ እቲ ዝምድና ስድራ-ቤት ገና ዝቐጸለ ክኸውን ኣለዎ።
- ኣባላት ስድራ-ቤትኩም መንነቶምን፣ ምሳኹም ዘለዎም ዝምድናን ብምዝልከት ብሰነዳት ወይ መብርሂ ከረጋግጹ ኣለዎም።
- ካብ 12 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚኦም ኣባላት ስድራ-ቤትኩም፣ ምስቲ መመልከቲ ሕሉፍ ዝፈጸምዎ ገበናት ከምዘይብሎም ዘረጋግጽ መግለጺ ክፍርሙ ኣለዎም። እዚ መግለጺ ድሕረ-ባይታ ተባሂሉ ይጽዋዕ።
- 15 ዓመትን ካብኡ ንላዕሊን ዝዕድሚኦም ቆልዑት ምስቲ መመልከቲ፣ መግለጺ ኩነታት መርዓ ክፍርሙ ኣለዎም።
- ንስኹም ወግዓዊ ዓዳማይ ናይ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ምዃንኩም፣ መግለጺ ክትፍርሙ ኣለኩም።
- ኣብ እዋን መስርሕ ዕቑባ፣ ንኣስማት ናይ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ጠቒስኩሞም ማለት ኣመዝጊብኩሞም ክትህልዉ ኣለኩም።
- ንስኹምን መጻምድትኹምን፣ ዕድመኹም 18 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ክኸውን ኣለዎ።
- ንስኹም ንትሕቲ ዕድመ ቆልዓኹም (ብምውካል) ዲኹም ተመልክቱ ዘለኹም፣ ከምኡ እውን እቲ ባህርያዊ ወላዲ ገና ኣብ ወጻኢ ሃገር ድዩ ዝነብር ዘሎ? ስለዚ እቲ ኣብ ወጻኢ ሃገር ድሕሪት ተሪፉ ዘሎ ወላዲ፣ እቲ ቆልዓ ናብ ኔዘርላንድ ንክኸይድ ፍቓድ ክህብ ኣለዎ።

### ዝተኣሳሰረ ናይ ዕቑባ ፍቓድ ንምርካብ ቅድመ-ኩነታት ዘይምምላእ

ኣብዚኦም ዝስዕቡ ኩነታት፣ ንስኹምን ኣባላት ስድራ-ቤትኩምን፣ ነቶም ቅድመ-ኩነታት ኣይተማልኡን ኢኹም፡

- ነቲ መመልከቲ ኣብ ግዚኡ ምስ ዘይተረክብዎ። እቲ ናይ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ገደብ-ግዜ ምስ ዝሓልፍ። ስለዚ IND፣ መመልከቲ ደንጉኻ ንምእታው ምሕረት ክገብር ምዃኑን ዘይምዃኑን ይግምግም፤
- ካብዞም ኣብዚ ተጠቒሶም ዘለዉ ኣባላት ስድራ-ቤት ወጻኢ፣ ካልኦት ሰባት ከተምጽኡ ምስ እትደልዩ፤
- እንተደኣ ንስኹም ንባዕልኹም እውን ከም ትሕቲ ዕድመ ኣባል ስድራ-ቤት ምስ ካልእ ዝተኣሳሰረ ናይ ዕቑባ ፍቓድ ዝተወሃበኩም ኮይኑ። ብድሕሪኡ ድማ ንወለድኹም ናይ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ዝሓተትኩም።


ኣብ ትሕቲ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ናይ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ክትሓቱ ትደልዩ ዲኹም? ስለዚ እቲ ንቡር ዝኾነ መስርሕ-ምምልካት ናይ መንበሪ ኣባላት ስድራ ወይ ቤተሰብ ክትክትሉ ኣለኩም። ነዚ ንምምልካት ወጻኢታት ገንዘብ ይሓትት እዩ፣ እቶም ሕጊታት ድማ ዝያዳ ጽኑዓት እዮም። ነዚ ንምግባር 'Aanvraag voor het verblijfsdoel familie en gezin 7018 (referent)' ዝብል ፎርም ትጥቀሙ። ነዚ ፎርም ኣብ መርበብ-ሓበሬታ www.ind.nl/familie ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

**ንስኹም ዕቑባ ኣብ ዘመልከትኩምሉ እዋን፣ ንውልቅኹም ዝነበርኩምን፣ ዕድመኹም ትሕቲ 18 ዓመትን ዝነበረን ኢኹም**

ኣብ ከምዚ ኩነት፣ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት (ምጽንባር ኣባል ስድራ ተዓቛቢ) ንባህርያዊ ማለት ተፈጥሮኣዊ ወለድኹም ጥራይ ኢኹም ከተመልክቱሎም እትኽእሉ። ኣሕዋት ወይ ኣሓት እውን ከተምጽኡ ትደልዩ ዲኹም? ስለዚ ‘Aanvraag voor een ‘machtiging tot voorlopig verblijf – gezinshereniging asiel art. 8EVRM’ (516/517) ዝብል መመልከቲ ፎርም ተጠቐሙ። ነዚ ፎርም ኣብ መርበብ-ሓበሬታ www.ind.nl/nareis ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ንምምልካት ወጻኢታት ገንዘብ ይሓትት እዩ።

> ካብ ሓደ ንላዕሊ ዝፈጸምኩሞም መርዓታት ወይ ዝምድናታት ኣለውኹም ድዮም? ከምኡ ምስ ዝኸውን፣ ሓደ መጻምድቲ ጥራሕ ኢኹም፣ ምስቶም ምስዚ መጻምድቲ ብሓባር ዝወለድኩሞም ቆልዑት ናብ ኔዘርላንድ ንኸከተምጽኡ ዝፍቐደልኩም። ኣብ ሕጊ ናይ ኔዘርላንድ፣ ሓደ ዜጋ ሓደ ናይ ሓዳር መጻምድቲ ጥራሕ ክህልዎ ከምዝፍቐድ ተጠቒሱ ይርከብ።

## መስርሕ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ናይ ዕቑባ ፍቓድ ንዘለዎም



# 1ይ ክፋል፥ ንዝጽንበሩ ኣባላት ስድራ-ቤት፣ ብ8 ስጉምቲታት ናይ mvv ቪዛ ምምልካት



**2ይ ስጉምቲ: መመልከቲ ምእታው**

ናይ መመልከቲ ፎርም (ዲጂታላዊ ብኮምፒተር) ትመልኡ። ነዚ ፎርም ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ናይ IND www.ind.nl/nareis ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም። ንነፍስወከፍ ኣባል ስድራ-ቤትኩም፣ ብፍሉይ ነናቶም ፎርም ተጠቒምኩም ክትመልእሎም ኣለኩም። ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ናይ IND፣ ክትጥቐምሉ እትኽእሉ ናይ እንግሊዝኛ ፎርም እውን ኣሎ።


ሰራሕተኛታት ናይ ቤት-ምኽሪ ስደተኛታት ኔዘርላንድ፣ ብዛዕባ መስርሕ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ዝምልከቱ ሓበሬታታት ክህብኹም እዮም። ነቶም ዝምልኡ ፎርምታት ኣብ ምምላእ ድማ ክሕግዝኹም ይኽእሉ እዮም። ኣብ ብምሉእ እቲ መስርሕ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት እውን ክመርሑኹም እዮም። ትሕቲ ዕድመ ዲኻ? ስለዚ ኣብ እተመልክተሉ እዋን ሰራሕተኛ ናይ NIDOS ክድግፈካ እዩ።

ንኹሎም ኣብቲ ዝምላእ ፎርም ዝተዋህቡ መምርሒታት ኣንብብዎምን ተኸተልዎምን። ንኹሎም ሰነዳት ኣተሓሒዝኩም ከም እትልእክዎምን፣ ነቶም ጥብቆታት ጠቕላላ ከም ዝመላእኩሞምን ኣረጋግጹ።

ኣባላት ስድራ-ቤትኩም መንነቶምን፣ ምሳኹም ዘለዎም ዝምድናን ብዝምልከት ብሰነዳት ከረጋግጹ IND ትጽቢት ይገብር እዩ። ወይ ሰነዳት ምስ ዘይህልዉ ወይ እኹላት እንተዘኮይኖም ንጹር መብርሂ ብምሃብ። እዚ ብሰብ-መዚ መንግስቲ ናይ መበቆል ሃገር ዝተዋህቡ ሰነዳት ዝምልከት እዩ። ግን ድማ ንኻልኦት መርትዖታት እውን ዝምልከት እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ፣ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም መበቆላውያን ማለት ኦሪጂናል ሰነዳት ናባኹም ናብ ኔዘርላንድ ክሰዱ ኣለዎም። ኣየኖት መበቆላውያን ሰነዳት ከምዘድልዩ ኣብቲ መመልከቲ ፎርም ተጠቒሱ ይርከብ። ኩሎም ዝተሓተቱ ሰነዳት ብቋንቋታት ኔዘርላንድ፣ እንግሊዝ፣ ፈረንሳይ ወይ ጀርመን ዝተጻሕፉ ወይ ዝተተርጎሙ ክኾኑ ኣለዎም። እቲ ተርጓማይ ድማ ኣብ ቤት-ፍርዲ ናይ ኔዘርላንድ ቀሪቡ ማሕላ ዝፈጸመ ክኸውን ኣለዎ።

> ንኹሎም ነቲ ዝተገብረ ምምልካት ኣድለይቲ ዝኾኑ ሰነዳት፣ ብዝተኻእለ መጠን ብቕልጡፍ ኣክብዎም። ብኸምዚ መንገዲ ድማ ቅልጡፍ መስርሕ ከምዝኸውን ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

ናይ ኩሎም ኣባላት ስድራ-ቤት፣ ቅዳሕ ናይ ኩሎም ሰነዳቶም ምስቲ ዝተመልአ መመልከቲ ፎርም ኣተሓሒዝኩም፣ ናብ IND ክትሰድዎ ኣለኩም። ነቶም መበቆላውያን ሰነዳት ድማ ብጽቡቕ ዓቕብዎም፣ እዚኦም ዳሕራይ ከድልይኹም ይኽእሉ እዮም። እቲ ምሉእ ዘይኰዱል፣ ዝተመልአ ናይ መመልከቲ ፎርም ምስ ጥብቆታትን ጕርዲ ስእሊን ናብ IND ትልእክዎ። ኣድራሻ ናይ IND ኣብቲ ናይ መመልከቲ ፎርም ክትረኽብዎ ኢኹም።



**2ይ ስጉምቲ: ምቕባል መመልከቲ**

እቲ ዝለኣኽኩሞ መመልከቲ ንIND በጺሕዎም ድዩ? ከምኡ ምስ ዝኸውን ደብዳቤ ክትቕበሉ ኢኹም። ኣብዚ ደብዳቤ፣ ናይቲ ዘመልከትኩምሉ ኣባል ስድራ-ቤትኩም ስም ተጠቒሱ ይርከብ። ከምኡ እውን ኣባል ስድራ-ቤትኩም ኣብ IND ተመዝጊብሉ ዝርከበሉ ቁጽርታት። እቲ ዘመልከትክሞ ንIND ኣበየናይ ዕለት ከምዝበጽሖን፣ IND መዓስ ውሳኔ ክህብ ምኺኦን እውን ኣብኡ ተጠቒሱ ይርከብ። ኣብቲ ደብዳቤ፣ መበቆላውያን ሰነዳት ንኽትልእኩ እውን IND ክሓተኩም እዩ።

> ገዛ ግዒዝኩም ዲኹም? ኣብቲ መስርሕ ምድንጓይ ከየጋጥመኩም ንምክልኻል፣ ዝቐየርክሞ ሓድሽ ኣድራሻ ብቕልጡፍ ናብ IND ሓብሩ። ብተወሳኺ ካልእ ተሓባባሪ ናይ VWN እንተድኣ ተገይርልኩም ኮይኑ እውን ንIND ሓብሩ። ዘለዉ ምቕይያራት ብናይ IND (ናይ ኢንተርነት) ፎርም ወይ ብደብዳቤ ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

**3ይ ስጉምቲ: ምቊጽጻር መመልከቲ**

እቲ መመልከቲ ክረኣይ ምስጀመረ፣ IND ነቲ መመልከቲኹም ይቆጻጸር። ንኹሎም ሓበሬታታት ዝመላእኩሞም ምኺንኩምን ዘይምኻንኩምን ድማ IND ይቆጻጸር። ከምኡ እውን ትኽክል ዝኾኑ ጥብቆታትን ሰነዳትን (ቅዳሓት) ምስቲ መመልከቲ ኣተሓሓዝኩም ምህላውኩምን ዘይምውላውኩምን እውን ይቆጻጸር። እቲ መመልከቲ ምሉእ ድዩ? ከምኡ ምስ ዝኸውን፣ IND ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ነቶም ዝተኣሳሰረ ናይ ዕቝባ ፍቓድ ንምርካብ ዘድልዩ ቅድመ-ኩነታት ዘማልኡ ምኺኖምን ዘይምኺኖምን ክግምግም እዩ። እንተድኣ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ነቶም ቅድመ-ኩነታት ከምዘየማልኡ ብቐጥታ ንጹር ኮይኑ፣ IND ነቲ ዘመልከትኩሞ ይነጽጎ። ንIND ሓበሬታ ጎዲልዎ ድዩ ወይ ንIND ተወሰኽቲ መበቆላውያን ሰነዳት የድልዮ ድዩ? ከምኡ ምስ ዝኸውን፣ እቲ መስርሕ ነዊሕ ግዜ ይወስድ። ከምዚ ምስ ዝኸውን ደብዳቤ ክትቕበሉ ኢኹም።

**4ይ ስጉምቲ: ንመመልከቲ ምሉእ ምግባር**
ኣብቲ ደብዳቤ፣ IND ኣየናይ ሓበሬታን ሰነዳትን ይደልይ ከምዘሎ ተጠቒሱ ክትረኽብዎ ኢኹም። ነዚኣቶም ቅድሚ ዕለት ክንደይ ክትልእክዎም ከምዘለኩም እውን። IND ነቶም ሰነዳት ክምርምሮም ዝደልይ ምኽኑን ዘይምኽኑን እውን ኣብኡ ተጠቒሱ ክትረኽብዎ ኢኹም። ነቶም ዝተሓተቱ ሰነዳት ንኽትሰድዎም ምእንቲ ክሕግዘኩም፣ ነቲ ደብዳቤ ሒዝኩሞ ቀልጢፍኩም ናብ ናይ VluchtelingenWerk ተሓጋገዚኹም ኪዱ። ተወሳኺ ግዜ የድልየኩም ድዩ? ስለዚ ነቲ መመልከቲኹም ኣብ IND ናብ ዘካይዶ ዘሎ ሰብ ደውሉ፣ ወይ ድማ VluchtelingenWerk ከም ዝድውል ግበሩ። ቍጽሪ ቴሌፎን ናይ IND ኣብቲ ደብዳቤ ክትረኽብዎ ኢኹም።



**5ይ ስጉምቲ: ሰነዳት ምምርማር**
ኩሎም ኣባላት ስድራ-ቤትኩም መንነቶም ብዝምልከት ብሰነዳት ከርእዩ ኣለዎም። ከምኡ እውን ምሳኹም ኣብ ኔዘርላንድ እንታይ ዓይነት ዝምድናን፣ ስድራ-ቤታዊ ምትእስሳርን ከምዘለዎም ከረጋግጹ ኣለዎም። IND መብዛሕትኡ ግዜ ሓቅነት ናይዞም ሰነዳት ንምርግጋጽ ይምርምሮም እዩ። ምምርማር ሰነድ መብዛሕትኡ ግዜ ገለ ሳምንታት ይወስድ።

ንኣባላት ስድራ-ቤትኩም ሰነዳት የብሎምን ድዩ? ስለዚ ንስኹምን ኣባላት ስድራ-ቤትኩምን ስለምንታይ ከምኡ ከም ዝኾነ ብንጹር ክትገልጹ ኣለኩም።




**6ይ ስጉምቲ: ናይ ዲ.ኤን.ኤ [DNA] መርመራ**
IND ተወሳኺ መርመራ (ዝስዕብ መርመራ) ንምክያድ ክውስን ይኽእል እዩ፣ ንኣብነት መርመራ ዲ.ኤን.ኤ። እቲ ኣባል ስድራ-ቤትኩም ባህርያዊ ማለት ካብ ዘርእኹም ዝተወልደ ውላድኩም ድዩ፣ ወይ ትሕቲ ዕድመ እንተኾይንኩም፣ ባህርያዊ ወላዲኹም ድዩ? ከምኡ ምስ ዝኸውን ካብ IND ደብዳቤ ክትቕበሉ ኢኹም። እቲ ደብዳቤ IND ንኣባላት ስድራ-ቤትኩም ናይ DNA መርመራ ንኽገብሩ ዝዕድም እዩ። ብኸምዚ መንገዲ ድማ፣ ንስኹም ወላዲኦም ወይ ቆልዓኦም ምኻንኩም፣ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ከረጋግጹ ይኽእሉ። ብዛዕባ እዚ ብዝምልከት IND ምስ ናይ ኔዘርላንድ ወኪላት (ኤምባሲታት ወይ ቆንስላት) ብምትሕብባር እዩ ዝሰርሕ። ሓደ ሓደ ግዜ ምስ IOMን ውድብ ስደተኛታት ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት UNHCRን እውን። ንስኹምን ኣባላት ስድራ-ቤትኩምን እንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩም ድማ ኣብቲ ደብዳቤ ተጠቒሱ ክትረኽብዎ ኢኹም።

መጀመርታ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ኣብቲ ዝቐረቦም ናይ ኔዘርላንድ ወኪል ቆጸራ ይሕዙ። ኣብቲ ዝተገብረ ዕለት ቆጸራ ድማ፣ ናብ ህንጻ ናይቲ ኤምባሲ ይኸዱ። ኣብኡ ዶክተር፣ ነርስ ወይ ካልእ ዝኾነ ሰብ ካብ ውሽጢ ምዕጉርቲ ናይ ኣባል ስድራ-ቤትኩም ዓኽታ ይወስድ። እዚ ብፍሉይ ንእሽተይ ዘንጊ እዩ ዝግበር። ምውሳድ ዓኽታ ቃንዛ ኣይገብርን እዩ፣ ንጥዕና ድማ ጎዳኢ ኣይኮነን። እቲ ናይ DNA ናሙና፣ ናብ IND ናብ ኔዘርላንድ ይለኣኽ። ኣባላት ስድራ-ቤትኩም፣ ኣብ ናይ ኔዘርላንድ ወኪል ካብ ምዕጉርቶም ዓኽታ ምስ ተወሰደሎም ንዓኹም ብቐጥታ ክሕብርኹም ኣለዎም። IND ናትኩም ናይ ዲ.ኤን.ኤ ናሙና ክወስድ እውን ስለዘለዎ። ሓደ ሓደ ግዜ ካብቶም ኣብ ኔዘርላንድ ዝርከቡ ባህርያውያን ኣባላት ስድራ-ቤትኩም እውን። እዚ ድማ ኣብ ሰደቓ IND ቆጸራ ብምግባር ይፍጸም። ካብ IND ብዛዕባ እቲ ቆጸራ ዝገልጽ ደብዳቤ ክትቕበሉ ኢኹም።

IND ናትኩምን ናይ ኣባል ስድራ-ቤትኩምን ናይ ምዕጉርቲ ዓኽታ ከምዝምርመር ይገብር። ናይ DNA መርመራ ብርክት ዝበለ ኣዋርሕ ክወስድ ይኽእል እዩ። ውጽኢቱ ምስተፈለጠ ድማ፣ ካብ IND ብዛዕብኡ ሓበሬታ ክትቕበሉ ኢኹም።

ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ተወሳኺ መርመራ ንምግባር ናብ ዝቐርቦም ናይ ኔዘርላንድ ወኪል ይኸዱ። ከምኡ ድማ mvv ቪዛ ንክወሃቡ ንኸሳልጡ እውን። ሓደ ሓደ ግዜ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ነዚ ንምግባር ዶብ ሰጊሮም ናብ ካልእ ሃገር ክኸዱ ይግደዱ እዮም። በዚ ምኽንያት ናብ መበቆል ሃገሮም ንኽምለሱ ጸገማት ክኅንፎም ይኽእል እዩ። ናይዚ ምሉእ ሓላፍነት ድማ ናይ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ይኸውን። ብዛዕባ ተኽእሎታት ምስጋር ዶብ ብዝምልከት ቀልጢፍኩም ምስ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ተመያየጥሉ። ብተወሳኺ ብዛዕባ እቶም ናይ ኔዘርላንድ ወኪል ኣብ ዝርከበሉ ሃገር ተፈጻምነት ዘለዎም ሕግታት ምእታው፣ ምንባርን፣ ምውጻእን፣ ምስ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ተመያየጥሉ። ነዚኦም ጉዳያት ቅድሚ ምስ ናይ ኔዘርላንድ ወኪል ቆጸራ ምሓዝኩም ኣዋድድዎም።



### 7ይ ስጉምቲ: ቃለ-መሕትት ኣብ ናይ ኔዘርላንድ ወኪል

ናይ DNA መርመራ ምግባር ኣይከኣልን ድዩ፣ ወይ IND ሕቶታት ኣለዎ ድዩ? ከምኡ ምስ ዝኸውን፣ IND ንኣባላት ስድራ-ቤትኩም ቃለ-መሕትት ንኽገብሩ ክዕድሞም ይኽእል እዩ። እቲ ቃለ-መሕትት ድማ ኣብ ወጻኢ ሃገር ኣብ ዝርከብ ናይ ኔዘርላንድ ወኪል እዩ ዝካየድ። ኣብቲ ቃለ-መሕትት ኣባላት ስድራ-ቤትኩም፣ መን ምኻኖምን ምሳኹም እንታይ ዓይነት ዝምድና ከምዘለዎምን ክገልጹ ይኽእሉ እዮም። IND ንዓኹም እውን ኣብ ኔዘርላንድ ዝርርብ ንኽትገብሩ ክዕድመኩም ይኽእል እዩ። እቲ ቃለ-መሕትት ኣብ ናይ ኔዘርላንድ ወኪል ክሳብ ዝዋደድ ድማ ሒደት ኣዋርሕ ክወስድ ይኽእል እዩ።



### 8ይ ስጉምቲ: ውሳኔ

IND ውጽኢታት ናይ ኩሎም ዝተገብሩ መርመራታት ክሳብ ዝፍለጡ ይጽበይ። ሽዑ IND፣ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ንኹሎም ክማልእዎም ዘለዎም ቅድመ-ኩነታት ዘማልኡ ምኺኖምን ዘይምኺኖምን ይቆጻጸሮ። ብድሕሪኡ ናይቲ ንኣባላት ስድራ-ቤትኩም ዘመልከትኩሞ፣ ውሳኔ ይወሃበኩም። እዚ ብመሰረት ሕጊ፣ መመልከቲ ድሕሪ ምእታዉ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ክሳብ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ናይ ምውሳን ገደብ-ግዜ ክግበር ኣለዎ። ዝያዳ መርመራ ዘድልይ ምስ ዝኸውንን ጻዕቂ ስራሕ እንተሃልዩን፣ ውሳኔ ንውሕ ዝበለ ግዜ ይወስድ።

- ኣዎንታዊ ውሳኔ፡ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም mvv ቪዛ ክረኽቡ እዮም። ኣባላት ስድራ-ቤትኩም መዓስ ነቲ mvv ቪዛ ክወስድዎ ከም ዝኽእሉ ኣብቲ ውሳኔ ተጠቒሱ ይርከብ። ከምኡ እውን ኣድላዪ እንተኾይኑ ገና እንታይ ክትገብሩ ከም ዘለኩም መብርሂ። IND ነቲ ውሳኔ ናባኹምን እዩ ዝሰዶ። ንስኹም ኸኣ ብዛዕባ እቲ ናይ IND ውሳኔ ንኣባላት ስድራ-ቤትኩም ትሕብሩዎም። ኣባላት ስድራ-ቤትኩም mvv ቪዛ ክወስዱ ተፈቒድሎም ድዩ? ስለዚ IND ነቲ ውሳኔ ናብ ናይ ኔዘርላንድ ወኪል ክሰዶ እዩ።
- ኣሉታዊ ውሳኔ፡ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም mvv ቪዛ ኣይረኽቡን እዮም። ኣባላት ስድራ-ቤትኩም (ብመንገድኹም) ኣንጻር እዚ ውሳኔ ተቓውሞ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። ንስኹም ባዕልኹም ወይ ኣብ VluchtelingenWerk ዝርከብ ተሓጋጋዚኹም፣ ብዛዕባ እዚ ዝሕግዘኩም ጠበቓ ክትደልዩ ትኽእሉ ኢኹም።



### 9ይ ስጉምቲ: ድሕሪ ኣዎንታዊ ውሳኔ mvv ቪዛ ምውሳድ

*ቆጸራ*

ኣባላት ስድራ-ቤትኩም፣ ድሕሪቲ ኣወንታዊ ውሳኔ ኣብ ውሽጢ 3 ኣዋርሕ ነቲ mvv ቪዛ ክወስድዎ ኣለዎም። ነዚ ንኸሳልጡ ድማ ምስ ናይ ኔዘርላንድ ወኪል (ኤምባሲ ወይ ቆንስል) ቆጸራ ክሕዙ ኣለዎም። እዚ ነቲ ኣብ ናይ መመልከቲ ፎርም ተመሊኡ ዝርከብ ወኪል ዝምልከት እዩ። ወይ እቶም ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ቅድሚ ሕጂ ተወሳኺ መርመራ ንኽገብሩ ዝኸድዎ ዝነበሩ እዩ። ኣብ መበቆል ሃገርኩም ናይ ኔዘርላንድ ወኪል የለን ድዩ? ከምኡ ምስ ዝኸውን ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ናብ ጎረቤት ሃገር ክጎዓዙ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ ድማ ነቲ mvv ቪዛ ንምውሳድ 3 ተወሰኽቲ ኣዋርሕ ግዜ ይወሃቦም።

*ናይ ኔዘርላንድ ወኪል: ናይ mvv ቪዛ ፎርም፣ ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራ፣ ክታምን ምርካብ ፓስፖርትን*

ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ባዕሎም ጉርዲ ስእሊ ማለት ናይ ታሴራ ስእሊ ክማልኡ ኣለዎም። እቲ ጉርዲ ስእሊ ኣብ www.nederlandwereldwijd.nl ወይ www.netherlandsworldwide.nl ዝተገልጸ ረቛሒታት ከማልእ ኣለዎ፡ ነቲ mvv ቪዛ ንኸሳልጡ፣ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም መጀመርታ ናይ mvv ቪዛ መውሃቢ ፎርም ክመልኡ ኣለዎም። ብድሕሪኡ ድማ ሓደ ካምቶም ወኪል ንኣባላት ስድራ-ቤትኩም ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራ ይወስደሎም። ከምኡ

እውን ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ክታሞም የስፍሩ። ናይ ኔዘርላንድ ወኪል ንፓስፖርት ናይ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ይወስዶ። እዚ ዘድልየሉ ምኽንያት ድማ mvv ቪዛ ንምሃብ እዩ። ኣብቲ እዋን፣ እቲ ፓስፖርት ዘገልግለሉ ግዜ ገና 6 ኣዋርሕ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ክኸውን ኣለዎ።

ንኣባላት ስድራ-ቤትኩም ፓስፖርት የብሎምን ድዩ? ከምዚ ምስ ዝኸውን፣ መብዛሕቱኡ ግዜ ናይ ኔዘርላንድ ግዝያዊ ሰነድ መገሻ (LP) ክወሃቦም ይኽእል እዩ። ግዝያዊ ሰነድ መገሻ (LP)፣ ንሓደ ጉዕዞ ጥራሕ ዘገልግል መተካእታ ሰነድ መገሻ እዩ። ነፍስወከፍ ኣባል ስድራ-ቤትኩም ነዚ ዝኸውን 2 ተወሰኺ ጉርዲ ስእሊ ማለት ናይ ታሴራ ስእሊ ከረክብ ኣለዎ። እንተደኣ ንኣባላት ስድራ-ቤትኩም ግዜያዊ ሰነድ መገሻ (LP) ዘድልዮም ኮይኑ፣ IND ነቲ ወኪል ይሕብሮ።

> ካብ መበቆል ሃገር ናይ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ወጻኢ ዝርከቡ ወኪላት ናይ ኔዘርላንድ ጥራይ እዮም ግዜያዊ ሰነድ መገሻ (LP) ክህቡ ዝኽእሉ።

*ምድላው mvv ቪዛን፣ ኣብ ፓስፖርት ምስፋርን*
እቲ ወኪል ነቲ mvv ቪዛ የዳልዎ። እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ገለ ሳምንታት ይወስድ። ኩሉ ነገር እንተድኣ ተወዲኡ፣ mvv ቪዛ (ዝጠብቕ ወረቐት) ኣብቲ ፓስፖርት ይልጠፍ። ብድሕሪኡ እቲ ወኪል ንኣባላት ስድራ-ቤትኩም፣ mvv ቪዛ ዝተለጠፎም ፓስፖርትታት ንኽወስዱ ይዕድሞም።

*ናይ ኔዘርላንድ ወኪል፡ mvv ቪዛ ምውሳድን ሓበሬታን*
ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ተመሊሶም ናብቲ ወኪል ይኸዱ። ኣባላት ስድራ-ቤትኩም mvv ቪዛ ዘለዎ ፓስፖርቶም ይምለሰሎም። ወይ ድማ mvv ቪዛ ዘለዎ ግዝያዊ ሰነድ መገሻ (LP) ይወሃቦም። ብተወሳኺ ድማ ብዛዕባ ናብ ኔዘርላንድ ምስ ኣተዉ ክገብርዎም ዘለዎም ነገራት ዝሓዘ ጽሑፍ ሓበሬታ ይወሃቦም።



**10ይ ስጉምቲ፡ ጉዕዞ ናብ ኔዘርላንድ**
እንተደኣ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም mvv ቪዛ ወሲዶም ኮይኖም፣ ናብ ኔዘርላንድ ክጎዓዙ ይኽእሉ እዮም። ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ወጻኢ ሃገር ንዝርከቡ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ዝምልከትዎም ፍሉያት ናይ ምውጻእ ሕጊታት ኣለዉ። VluchtelingenWerk ብዛዕባ እዚ ሓበሬታ ክህበኩም ይኽእል እዩ። እቲ mvv ቪዛ ን90 መዓልታት እዩ ዘገልግል። ንኽንደይ ዘገልግል ምዃኑ ድማ ኣብቲ ናይ mvv ቪዛ ዝልጠፍ ወረቐት (ስቲከር) ተጻሒፉ ይርከብ።

ኣብዚ 2 ዕለታት ተጻሒፎም ይርከቡ፡
- ዝጅምረሉ ዕለት (ካብዚ ዕለት እዚ ጀሚሩ እቲ mvv ቪዛ ክገልግል ይኽእል)
- ዘብቕዓሉ ዕለት (ካብዚ ዕለት ንደሓር እቲ mvv ቪዛ ክገልግል ብቑዕ ኣይኮነን)

ናብ ኔዘርላንድ ንኽጎዓዙ፣ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ባዕሎም (ናይ ነፋሪት) ትኬት ክገዝኡ ኣለዎም። IND ዝህቦ ምኽሪ፣ እዚ mvv ቪዛ ድሕሪ ምቕባል ጥራይ ክግበር ከምዘለዎ እዩ። VluchtelingenWerk ይተሓባበረኩም ድዩ? ሓደ ሓደ ግዜ ገለ ክፋል ናይቲ ንመጎዓዝያ ዝተገብረ ወጻኢታት ክኽፍለኩም ተኽእሎ ኣሎ። ንዘለዉ ተኽእሎታት ብዝምልከት ንተሓጋጋዚኹም ክትሓትዎ ትኽእሉ ኢኹም። ቅድሚ ናብ ኔዘርላንድ ምብጋሶም፣ ንኣባላት ስድራ-ቤትኩም ምስ IND ቆጸራ ግበሩሎም። ብተወሳኺ ብቐጥታ ካብ COA መዕቆቢ ክትሓቱሎም ዘለኩም ክትኮኑ እውን ትኽእሉ ኢኹም። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ 2ይ ክፋል ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።

> ኣባል ስድራ-ቤትኩም ኣብ ዝደለዮ እዋን ነቲ መመልከቲ ክስሕቦ ይኽእል እዩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፣ ብመንገዲ ናይ VluchtelingenWerk ተሓጋጋዚኹም ንIND ትሕብሩ። ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ነቲ መመልከቲኦም ስሒቦሞ ድዮም? ከምኡ ምስ ዝኸውን፣ እቲ ናይ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ገደብ-ግዜ ውሑስ ኣይተገብረን ማለት እዩ። ስለዚ ካብኡ ንደሓር በዚ መንገዲ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ከተመልክቱ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

# 2ይ ክፋል፡ ናይ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ናይ ኔዘርላንድ መስርሕ ዕቑባ ብ2 ስጉምቲታት

### 1ይ ስጉምቲ፡ ምዝገባን ቆጸራን COAን IND Zevenaarን

ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ኣብ ውሽጢ 90 መዓልታት ናብ ኔዘርላንድ ክጎዓዙ ኣለዎም። ኣብ ኔዘርላንድ ድሕሪ ምምጽኦም፣ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልታት ኣብ ዘቬናር [Zevenaar] ኣብ ዝርከብ ናይ IND ናይ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ሰደቓ ብኣካል ክምዝገቡ ኣለዎም። ኣብ ዘቬናር ምዝገባ ብቆጸራ ጥራይ እዩ ክግበር ዝከኣል።


*ምውዳድ መዕቆቢ (COA)*
ኣብ ናይ COA መዕቆቢ ዲኹም ትነብሩ? ወይ ድማ ኩሎም ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ክነብሩሉ ኣብ ዘይበቕዕ መንበሪ-ቤት ዲኹም እትነብሩ? ስለዚ ካብ COA መዕቆቢ ንክረኽቡ ብኢ-መይል ኣቢልኩም ትሓቱሎም። እዚ መዕቆቢ ብነጻ እዩ። ብዛዕባ እዚ ዝኾነ ሕቶታት ኣለኩም ድዩ፣ ወይ ነቲ ኢ-መይል ንምልኣኽ ሓገዝ የድልየኩም ድዩ? ስለዚ ኣብ VWN ካብ ዝርከብ ተሓጋጋዚኹም ሓገዝ ሕተቱ። ናይ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም (ናይ ነፋሪት) ቲኬት ምስተሓዝአ፣ ግን ድማ ቅድሚ ናብ ኔዘርላንድ ምብጋሶም መዕቆቢ ንምርካብ ሕተቱ።

*ብኢ-መይል መዕቆቢ ናይ COA ምሕታት*
ካብ COA መዕቆቢ ምሕታት ብኸምዚ ዝስዕብ ኣገባብ እዩ ዝፍጸም፡
1. ኣባላት ስድራ-ቤትኩም መዕቆቢ ንክረኽቡ ዝሓትት ሕቶ ዘለዎ ኢ-መይል ናብ COA ትልእኹ። ነቲ ኢ-መይል ናብዚ ዝስዕብ ናይ ኢ-መይል ኣድራሻ ለኣኽዎ፡ FMMZZevenaarDuiven@COA.nl
2. ኣብቲ ኢ-መይል ነዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት ትጠቕሱ፡
- ናትኩም ቀዳማይን መወዳእታን ስም፣ ቁጽሪ ተሌፎንን ኣድራሻ ኢ-መይልን (ወይ ናይ VWN ኣድራሻ ኢ-መይል)።
- ቀዳማይን መወዳእታን ኣስማት ናይ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም።
- V-ቁጽሪ ናይ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም።
- ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ናብ ኔዘርላንድ ዝመጽእሉ ዕለት። እዚ ዕለት እዚ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ንመጀመርታ ግዜ መዕቆቢ ዝደልይሉ ዕለት እውን እዩ።
3. ኣባላት ስድራ-ቤትኩም መዕቆቢ ክረኽቡ ዝኽእሉ ምዃኖም ኣብ ውሽጢ 2 ናይ ስራሕ መዓልታት ካብ COA ናይ ምሕዛእ መዕቆቢ መረጋገጺ ብኢ-መይል ትቕበሉ።

*ምስ IND ቆጸራ ምግባር*
መዕቆቢ ንምርካብ ናብ COA ኢ-መይል ሰዲድኩም ዲኹም? ስለዚ ብድሕሪኡ COA ኣብ ዘቬናር [Zevenaar] ኣብ ዝርከብ IND ቆጸራ ክሕዘልኩም እዩ። ባዕልኹም ቆጸራ ክትሕዙ ኣየድልየኩምን እዩ። ንኹሎም ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ዝምችእ መንበሪ-ቤት ኣለኩም ድዩ? ስለዚ ኣብ ዘቬናር ንምምዝጋብ ባዕልኹም ምስ IND ቆጸራ ግበሩ። ነዚ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ቅድሚ ናብ ኔዘርላንድ ምብጋሶም ግበርዎ። ኣብ www.ind.nl/nareis-zevenaar ወይ www.ind.nl/en/family-member-of-refugee-zevenaar ብኢንተርነት ቆጸራ ትገብሩ።

ኣድራሻ ናይ IND Zevenaar እዚ ዝስዕብ እዩ፡
Ringbaan-Zuid 2A
6905 DB Zevenaar

ኣብ ዘቬናር ምሕዳር ኣይከኣልን እዩ።



**2ይ ስጉምቲ: ሓጺር (ናይ ዕቝባ) መስርሕን መንበሪ ፍቓድን ንኣባላት ስድራ-ቤትኩምን**
እቲ ናይ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ሓጺር (ናይ ዕቝባ) መስርሕ ሓደ መዓልቲ ይወስድ።

> መብዛሕትኡ እዋን እቲ መስርሕ 1 መዓልቲ ይወስድ። ሓደ ሓደ ግዜ ምጥርጣራትን ዘይበርሁ ጉዳያትን ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፣ IND ንኣባላት ስድራ-ቤትኩም ናብ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቝባ ይሰዶም። እዚ ድማ ነዊሕ ግዜ ይወስድ።

ኣብ እዋን መስርሕ ዕቝባ ናይ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም እዚ ዝስዕብ ይግበር፡
- ሰራሕተኛታት ናይ VWN ብዛዕባ እቲ መስርሕ መብርሂ ይህቡ።
- IND ኣብ ፓስፖርት ወይ ግዝያዊ ሰነድ መገሻ ንዘለዉ ናይ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም መንነት፣ mvv ቪዛን ሓበሬታታትን ይምርምር።

- ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ስእሊ፣ ፌርማን ኣሰር ኣጻብዕትን ናብ ወኪል ናይ ኔዘርላንድ ሂቦም ኣለዉ። IND እዞም ሓበሬታታት ቅኑዓት ምዃኖምን ዘይምዃኖምን ይምርምር። ሓደ ሓደ ግዜ IND ነዞም ሓበሬታታት እንደገና ከም ብሓድሽ ይወስድ እዩ።
- ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ናይ IND ውሳኔ ይቕበሉ። ከምኡ ድማ ዝከኣል ምስ ዝኸውን መንበሪ ፍቓድ እውን። እዚ ኣይሰለጠን ድዩ? ስለዚ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም እቲ መንበሪ ፍቓድ ኣብ ሰደቓ IND ምስ ተዳለወ ደብዳቤ ክቕበሉ እዮም። ነቲ መንበሪ ፍቓድ ምውሳድ ብቆጸራ ጥራይ እዩ ክግበር ዝከኣል።
- ንኣባላት ስድራ-ቤትኩም ኣድላዪ እንተኾይኑ ኣብ መዕቆቢ ናይ COA መርመራ ሕማም ዓባይ ሰዓል ክግበረሎም ይኽእል እዩ። እዚ እንተዘይተኻኢሉ ድማ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ምምሕዳር ከተማ (GGD) መርመራ ሕማም ዓባይ ሰዓል ንምግባር ቆጸራ ይሕዙ። መርመራ ሕማም ዓባይ ሰዓል ዘድልይ ምዃኑን ዘይምዃኑን፣ ኣብቲ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ዝመጽሉ ሃገር ዝምርኮስ እዩ።
- ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ናይ ቆጸራ መረጋገጺ ክረኽቡ እዮም። በዚ ድማ ድሒሮም ኣብቲ ምምሕዳር ከተማ ኣብ መሰረታዊ መዝገብ ውልቃዊ ሓበሬታታት (BRP) ክምዝገቡ ይኽእሉ። BRP መዝገብ ህዝቢ እዩ።
- እቲ መስርሕ ምስተዛዘመ፣ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ምሳኹም ክነብሩ ይኽእሉ እዮም። ገና ከምኡ ኣይከኣልን ድዩ? ስለዚ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ካብ COA ግዝያዊ መዕቆቢ ክረኽቡ እዮም።

## ናይ ባዕልኻ ርእሱ ዝኸኣለ ዕቑባ ምሕታት

ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ኣብ ኔዘርላንድ ምስ ናትኩም ዝተኣሳሰረ ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ እዩ ዝወሃቦም። እዚ ግዝያዊ ናይ መንበሪ ፍቓድ ኮይኑ፣ ኣብ ናትኩም መንበሪ ፍቓድ ዝምርኮስ እዩ። ደቅኹም ወይ ወለድኹም ምሳኹም ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ንምግባር ናብ ኔዘርላንድ መጺኦም ድዮም? ስለዚ እንተወሓደ ንሓደ ዓመት ምሳኹም ብሓባር ክነብሩ ኣለዎም። IND ንናትኩም መንበሪ ፍቓድ ስሒብዎ ድዩ፣ ወይ IND ነዚ ኣየናውሖን ድዩ? ስለዚ IND ነቲ ናይ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም መንበሪ ፍቓድ እውን ይስሕቦ ማለት እዩ። ከምኡ እውን ናይ ባዕሎም ርእሱ ዝኸኣለ ናይ መንበሪ ፍቓድ ክወሃቦም ዝኽእሉ ምዃኖምን ዘይምዃኖምን ይግምግም። ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ምሳኹም ዘለዎም ዝምድና እንተተቓሪጹ፣ IND ነቲ ናይ መንበሪ ፍቓዶም ክስሕቦ እውን ይኽእል እዩ። እዚ ክኸውን ዝኽእል፣ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ምሳኹም ዘለዎም ዝምድና ምስዘይቅጽል እዩ። ወይ ድማ ኣባል ስድራ-ቤትኩም ቆልዓ ኾይኑ፣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ገዛእ-ርእሱ ክኢሉ ተፈልዩ ክነብር ምስ ዝኸይድ።

ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ብናይ ባዕሎም ናይ ዕቑባ ምኽንያት፣ ናይ ባዕሎም ርእሱ ዝኸኣለ ዕቑባ ክሓቱ ይደልዩ ድዮም? ስለዚ ኣብቲ ምስ IND ኣብ ዘቬናር ዝህልዎም ዝርርብ፣ ብዛዕባ እዚ ክሕብሩ ይኽእሉ እዮም። እቲ ሰራሕተኛ ናይ IND ብዛዕባ እዚ ክገልጸሎም እዩ። እንተድኣ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ናይ ባዕሎም ርእሱ ዝኸኣለ ዕቑባ ንምርካብ መመልከቲ የእትዮም፣ ነዊሕ ግዜ ዝወስድ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ እዮም ዝኸተሉ። ምቹእ መንበሪ-ቤት ኣለኩም ድዩ? ስለዚ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ናይ ዕቑባ መመልከቲኦም ኣብ ዝምስርሓሉ እዋን ምሳኹም እዮም ዝነብሩ። ናይ ገዛእ-ርእሶም መዕቆቢ ወይ መንበሪ-ቤት ኣይወሃቦምን እዩ። ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ንባዕሎም ብመንግስቲ ኔዘርላንድ ዕቑባ ንኽወሃቦም ዘድልዮም ምዃኑን ዘይምዃኑን ድማ IND ይግምግሞ። እንተደኣ ዕቑባ ከምዘድልዮም ተገምጊሙ ድማ ናይ ባዕሎም ርእሱ ዝኸኣለ ናይ መንበሪ ፍቓድ ንዝተወሰነ ግዜ ይወሃቦም። ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ነዚ ናይ ባዕሎም ርእሱ ዝኸኣለ ናይ ዕቑባ መመልከቲ ኣብ ዳሕራይ ግዜ ከቕርቡ እውን ይከኣል እዩ።

## ምምስራሕ ውልቃዊ ሓበሬታታት

ውልቃዊ ሓበሬታታት ብዛዕባኹም ዝምልከቱ ኩሎም ዓይነታት ሓበሬታታት እዮም። ኣብዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ዝሳተፉ ውድባት ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ኣለዉ። እዚኦም ውድባት ኣብ እዋን ናትኩም ምምልካት፣ ምዝገባ ወይ ሕቶ፣ ውልቃዊ ሓበሬታታት የመስርሑ። ንሳቶም ውልቃዊ ሓበሬታታት ንኽትህቡ ይሓትኹም፣ ከምኡ እውን ኣድላይ እንተድኣ ኮይኑ ንኻልኦት ውድባት ወይ ሰባት እውን። እዚኦም ውድባት ንውልቃዊ ሓበሬታታትኩም ይጥቀምሉን ይዕቅብዎን፣ ከምኡ እውን እንተድኣ ብሕጊ ዝግደዱ ኮይኖም ናብ ካልኦት ውድባት የመሓላልፍዎ። ነቶም ውልቃዊ ሓበሬታታትኩም ዘመስርሑ ውድባት ዘለዎም ግዴታታት ብዝምልከት ኣብ ሕጋጋት ብሕትና ተጠቒሶም ኣለዉ። ንኣብነት ንሳቶም ንውልቃዊ ሓበሬታታትኩም ብትኽክልን ብውሑስን ክሕዝዎ ኣለዎም። ኣብ ሕጋጋት ብሕትና መሰላትኩም እውን ተጠቒሶም ይርከቡ። ብዛዕብኡ እንተድኣ ሓቲትኩም፣ ንኣብነት እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለኩም፡

• ኣብቶም ውድባት ዘለዉ ውልቃዊ ሓበሬታታትኩም ናይ ምርኣይ፤
• ኣየኖት ውድባት ንሓበሬታታትኩም ይጥቐምሉን ንምንታይን ናይ ምፍላጥ፤
• ናብ ኣየኖት ውድባት ውልቃዊ ሓበሬታታኩም ከምዝተመሓላለፈ ናይ ምፍላጥ።

ብዛዕባ ምምስራሕ ውልቃዊ ሓበሬታታትኩምን መሰላትኩምን ብዝምልከት፣ ተወሳኺ ክትፈልጡ ትደልዩ ዲኹም? ስለዚ ኣብ መርበብ-ሓበሬታታት ናይቶም ውድባት ተመልከቱ።

## ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

**እንተደኣ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ጠፊኦምኹም ኮይኖም፣ እዚ መመልከቲ ከተእትዉ ትኽእሉ' ዶ?**
እወ፣ ነቲ መመልከቲ ድማ ኣብ ውሽጢ 3 ኣዋርሕ ከተእትውዎ ኣለኩም። ምስ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ርክብ ኣብ እተጥፍእሉ ግዜ እውን ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ምኽንያቱ ከምኡ ምስዘይትገብሩ፣ እቲ ናይ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ገደብ-ግዜ ከተማልእዎ ኣይትኽእሉን ኢኹም፣ ማለት ግዜ ክሓልፈኩም ይኽእል። ኣብ ገሊኦም ኩነታት፣ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ንምርካብ ቀይሕ መስቀል ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። እዚ ድህሰሳ ይበሃል። VluchtelingenWerk ናብ ቀይሕ መስቀል ከመሓላልፈኩም ይኽእል እዩ።

**ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ናብ ናይ ኔዘርላንድ ወኪል ብምኻድ፣ ነቲ መግለጺ ድሕረ-ባይታ ክታሞም ክስፍሩሉ ይኽእሉ' ዶ?**
ኣይፋል፣ ከምኡ ኣይከኣልን እዩ። ነዚ ዝተፈረመ መግለጺ ድሕረ-ባይታ (antecedentenverklaring) ናብ ኔዘርላንድ ከምዝለኣኽ ንምግባር ጸገማት ኣለዉ ድዮም? ብዛዕባ እዚ ብዝምልከት እንታይ እንተገበርኩም ከምዝሓይሽ ምስ IND ተመያየጡ።

**እንተድኣ ገና ኣብ መዕቆቢ ቦታ ናይ COA ትነብሩ ዘለኹም ኮይንኩም፣ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ምስ መጽኡ ምስኦም ኣበይ ክትነብሩ ኢኹም?**
ብቑዕ መንበሪ-ቤት ዘየለ ክሳብ ዝኾነ፣ COA ንስኹምን ኣባላት ስድራ-ቤትኩምን ኣብ ሓደ ናይ COA መዕቆቢ ቦታ ከም እትነብሩ ክገብር ክፍትን እዩ።

**ነዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ድሕሪ ምንባብኩም ገና ሕቶታት ኣለዉኹም ድዮም?**
ነዞም ሕቶታት ኣብ VluchtelingenWerk ንዝርከብ ተሓጋጋዚኹም ክትሓትዎ ትኽእሉ ኢኹም።

**ጥርዓን ኣለኩም ድዩ?**
ኩሎም ኣብ መስርሕ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ዝሳተፉ ውድባት፣ ብግቡእ ሞያዊ ብቕዓትን ብትኽክልነትን እዮም ዝሰርሑ። ብሓደ ውድብ ዝተገብረ ኣተሓሕዛ ናይ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ብዝምልከት ኣይዓገብኩምን ዲኹም? ስለዚ ጥርዓን ከተእትዉ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ VluchtelingenWerk ዝርከብ ተሓጋጋዚኹም ብዛዕባ እዚ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።

እዚ ሕታም ሓባራዊ ሕታም ናይዞም ዝስዕቡ እዩ፥
Afdeling Vreemdelingenpolitie, Identificatie en Mensenhandel (AVIM)
NIDOS
Centraal Orgaan opvang asielzoekers (COA)
Immigratie- en Naturalisatiedienst (IND)
Koninklijke Marechaussee (KMar)
Raad voor Rechtsbijstand (RvR)
VluchtelingenWerk Nederland (VWN)
Internationale Organisatie voor Migratie (IOM)
Dienst Terugkeer en Vertrek (DT&V)

ብዕማም ናይ፣
Ministerie van Justitie en Veiligheid፣
directie Migratiebeleid
www.rijksoverheid.nl

ካብ ትሕዝቶ ናይዚ ሕታም ዝምንጩው ዝኾነ ይኹን መሰላት ንምርካብ ኣይከኣልን እዩ። እንተድኣ እቲ ትርጉም፣ ፍልልይ ኣተረዳጉማ ናብ ምህላው ኣምሪሑ፣ እቲ ሕታም ቋንቋ ኔዘርላንድ መሪሕ ይኸውን።